## ህግደፍ ክሳብ ዝውገድ ብፍሉይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብኩም ኣይትዛረቡ፡ ብዝተሓተ ሓባራዊ መቐሚያታት ጥራሕ ተቐየዱ፡ ማለት ብተግባር ዘስርሕ ሜላ ኣይኮነን።

ናይ ሓባር ፖለቲካዊ ወጽዓ ስለ ዘለና ዓቕሚታትና ኣላፊና ንስራሕ ዝብል ሓሳብ ዝድገፍ ‘ምበር ዝኾነን የብሉን። እቲ ሓሳብ ኣብ ምንታይ ዝተሰረተ’ዩ ዝብል ግን ክንጸር ይግባእ። ዓቕሚታትና ኣላፊና ንስራሕ ዝብል ዘረባ ኣብ ውሽጡ እንታ’ዩ ሓቑፉ ዘሎ። ብሓቂ ፍትሓዊ ድዩ? ብሓቂ ደሞክራስያዊ ድዩ? ብሓቂ ኣብ ማዕርነታዊ ሓድነት ዝኣምን ድዩ? ብሓቂ ግሉጽነት ዘለዎ ድዩ? ዝብሉ መሰረታዊ ሕቶታት ክለዓሉን መልሲ ክረኽቡን ኣለዎም። ተላፊንካ ንምስራሕ ህላወ ክልተን ካብኡ ንላዕልን ፖለቲካዊ ውድባት ከም ዝጠልብ ኣየተሓትትን። ነዚ ተግባራዊ ክኸውን ዘይክኸውን ዝውስኖ ከኣ፡ ኣብ መንጎቶም ክልተን ካብኡ ንላዕልን ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውድባት ዘሎ ናይ ስነ-ሓሳብ፡ ስትራተጂን ፖሊስን ፍልልያት ዘሎ ሕድሕድ ኣፍልጦ፡ ማዕርነታዊ ኣጠማምታን ከመይነት ደሞክራስያዊ ምሕደራን እዩ።

ምስ ካልኦት ብዝተሓተ መሰማምዒ ነጥብታት ተላፊኑ ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ክቃለስ ምሉእ ዕግበት ዘለዎ ፖለቲካዊ ውድብ፡ መጀመርያ ነቲ ክላፈኖ ዝደሊ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድብ ሒዝዎ ንዘሎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን መልክዕ ውደባን ኣፍልጦን ክብርን ክህብ ኣለዎ። ምኽንያቱ ህላወን መንነትን ፖለቲካዊ ውድብ ብቐንዱ በቲ ቆይሙሉ ዘሎ መሰረታዊ ፖለቲካዊ መትከላት እዩ ዝረጋገጽ። ነዚ መለለዪ ህላዌኡ ዝኾነ መሰረታዊ ዕላማታት ብሰንጠቕ እናተጻረርካን ብትሕቲ ሃገርነትን መሳርሒ ባዕድን እናጸለምካን፣ ብዝተሓተ ነጥብታት ተሰማሚዕና ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ ንቃለስ ማለት ክብጻሕ ዝተደልየ ሸቶ እንታይ ድዩ ብምባል ክትሓትት ዝድርኽ’ዩ፡፡ ኣብ ዝተሓተ ነጥብታት ተላፊና ንስራሕ፡ ግን ብዛዕባ’ቲ መግለጺ ፖለቲካዊ መንነትካን ህላዌኻን ዝኾነ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ዕላማኻ፡ ንህዝቢ ከይትምህር፣ ክሳብ ውድቀት ዘቤታዊ ጸላኢ በዚ ሕጂ ንምስርቶ ዘለና ልፍንታዊ (ምሕዝነታዊ) መቐሚያታት ጥራሕ ትሰርሕ ማለት መሰል ምድፋእ እዩ።

ብሓቂ ምጥርናፍ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ዝደሊ፡ ብሕሰም ህዝብታት ኤርትራ ዝቐንዞ፡ ዘቤታዊ ጸላኢ ምስ ኩሉ ናይ ዓፈናን ጭፍጨፋን ትካላዊ መሓውሩ ክውገድ ኣለዎ ኢሉ ዝኣምን ፖለቲካዊ ውድብ፡ ክላፈኖ ንዝደሊ ፖለቲካዊ ሓይሊ፡ ብከፊል ዘይኮነ ንምሉእ ፖለቲካዊ መንነቱ’ዩ ኣፍልጦን ክብርን ክህብ ዘለዎ። ኣፍልጦን ክብርን ክህቦ ኣለዎ ማለት፡ ነቲ ዝኣምነሉ ፖለቲካዊ መርገጻት ኩሉ ክቕበል ኣለዎ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ዋላ ኣብ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳቡን መልክዕ ውዳቤኡን ፍልልይ ይሃልዎ፡ ብፋሽሽታዊ ዘቤታዊ ጸላኢ ተገፊዑ፡ ንመሰሉ ዝቃለስ ዘሎ ውድብ ክሳብ ዝኾነ፡ ከም ውድብ ኣፍልጦ ክህቦ፡ ንእምነቱ ድማ ከኽብረሉ ይግባእ። ንመሰረታዊ እምነቱ ኣፍልጦኡን ክብሪ ከይተዋህቦ፡ ኩሉ ብምግዳፍ በዚ ዝተሓተ መሰማምዒ ነጥብታት ብምቕያድ ትሰርሕ ዝብል ጎስጓስ ግን ኣይፋል ክበሃል ዘለዎ ግልቡጥ ስነ-መጎት እዩ።

ንጹር ኣረኣእያ ዘለዎ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ውድብ ናይ ሓጺርን ነዊሕን ሸቶታት ከም ዘለዎ’ዩ ዝእመን። ስለ’ዚ ነቲ ኣብ ኤርትራ ሰላም ደሞክራሲ ማሕበራዊ ፍትሒ ከንግስዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ዕላማ ከይተሰከፈን ከይተሸማቐቐን ህዝቢ እናምሃረን እናወደበን ብዝተሓተ ነጥብታት ተላፊኑ ክሰርሕ፡ ክሰማምዕን ንዝተሰማማዓሉ ኣኽቢሩ ክኸይድን ይግባእ። በቲ ዝለዓለ (ርሑቕ ዝጠመተ ፕሮግራሙ) ተመሓዚዩ ክቃለስ፡ ክሳብ ሓድነት ክገብር’ውን ይኽእል’ዩ። እዚ ብዝኾነ ሓይሊ ክምንዛዕ ዘይብሉ መሰል’ዩ። ዘቤታዊ ጸላኢና ክሳብ ዝውገድ ዝለዓለ ፖለቲካዊ መርገጽካ፡ ብዝተሓተ እምነትካ ይመራሕ ዝብል ፖለቲካ ግን ኮሓሎ መሲለን መንቆሮ ከም ዝበሃል፡ መንገዲ ዓወትን ለውጥን ዘይኮነስ፡ ካልእ ናይ ምፍልላይ ውጥን ምኺኑ ምግንዛብ የድሊ።

ብሓሳብን ብተግባርን ክኸውን ዘለዎ፡ ብሰንኪ ዘቤታዊ ገዛኢ ከም ህዝቢ ካብ ምህላው ናብ ዘይምህላው ነንቆልቁል ስለ ዘለና፡ ብሓባር ክስርሑና ኣብ ዝኽእሉ ንኡሳን መትከላት ተሰማሚዕና፡ ነብስናን ህዝብናን ነድሕን። ነቲ ዝተሰማማዕናሉ ዘፍርስ ወፍሪ ኣይነካይድ። ምስ እከለ ዝተባህለ ፖለቲካዊ ውድብ ወይ ግንባር ስለምንታይ ሓደ ዘይትኾኑ ዝብል ካብ ህዝቢ ንዝቐርብ ሕቶ ኣብትን ኣብዝን ፍልልያት ስለ ዘለና ሓደ ክንከውን ኣይከኣልናን። ኣብዝ ኣብዝን ነጥብታት ስለ ዝተሰማማዕና ድማ ተመሓዚና ንቃለስ ኣለና። ኣብ ቀጻሊ ነቲ ዘየሰማምዓና ንምጽባብ ብምባልውን ኣብ ሓደ ንምምጻእ ብዝከኣለና ክንጽዕት ኢና ብዝብል ሓላፍነታዊ ኣገባብ ነረድእ ክበሃል እንከሎ'ዩ ንቡርን ብሱልን ኣካይዳ። ካብ'ዚ ወጻኢ፡ ዘቤታዊ ጸላኢ ክሳብ ዝውገድ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡ ራእይ፡ ፖሊሲታት ኣይዘረቡ ማለት እምነትኩም ደርቢኹም ምሳይ ተላፈኑ ዝብል እዩ፡ ቁም-ነገር ናይ'ቲ መልእኽቲ።

እዚ ኣገባብ'ዚ ንዝተበታተነ ዓቕምታት ደምበ ተቓውሞ ኣብ ምቅርራብ ኣወንታዊ ተራ ኣይጻወትን። ኣብ ልዕሊ ዘቤታዊ ጸላኢ ዘስምብር ፖለቲካውን ግብራውን ውቅዒት ክዕርፍ ኣይክእልን። ንህዝቢ ካብ ኣትይዎ ዘሎ ሰለሎ ኣይድሕንን። ዝተበታተነ ዓቕሚ ደምበ ተቓውሞ ተኣማሚኑ ክቀራረብ፡ ኣብ ልዕሊ ጸላኢ ዘይምሕር በትሪ ክዕርፍ፡ ህዝብና ካብ ዘለዎ ናይ ደልሃመት መነባብሮ ክድሕን እንተደኣ ኮይኑ፡ ተበዲለና ዝብሉ ወገናት ንዘልዕልዎ ሕቶ መሰል ሕቶ ደሞክራሲ ብዘይ ዝኾነ ኢንታ ብግልጺ ኣፍልጦን ክብርን ምሃብ። ኣብ ሓድሕድ ዘለው ፍልልያት ንምጽባብን ብደሞክራስያዊ ኣገባብ ንምምሕዳርን ኣብ'ቲ ዝፈላሊ ነጥብታት መሰረት ዝገበረ ቀጻልነት ዘለዎ ህዝባዊ መድረኻት ከፊትካ ምዝታይ፡ ምምህሃር'ዩ ምትእምማን ዝፈጥር፡ ዘቀራርብን ስቓይ ዘሕጽርን።

ኣብ 40 -50 ዓመታት ናይ ገዛእ ርእሱ ፖለቲካዊ ኣካይዳ ከይገምገመ፡ ኣብ ካልኦት ፖለቲካዊ ውድባት ዘሎ ናይ ሓሳብ ፍልልይ ኣብ ግሉጽ መድረኻት ነጥቢ ብነጥቢ መን እንታይ ይብል ኣሎ ክፍለጥ'ሞ ህዝቢ ክነቕሕ ኣወንታዊ ተጽዕኖኡ ከዕርፍ ዘኽእል ባይታ ከይተፈጥረ፡ ኣቐዲሙ ብብዙሕ ድኻም ዝተመስረተ ስልታዊ ግንባር ብምግዳፍ ካልእ ስልታዊ ግንባር ንመስርት ማለት ገዛእ ርእስኻ ኣብ ትዕዝብቲ ዘውድቕ'ዩ። ብዘይምስካፍ ክሳብ ውድቀት ደመኛ ጸላኢ ብፍሉይ ፕሮግራም፡ ስነ-ሓሳብ ከይትዛረብ ዝብል እገዳ ከግበር ምፍታን ከኣ ካብ ተመክሮ ዘይምምሃር የመልክት። ብምንጽጻር እቲ ንደምበ ተቓውሞ ከይቀራረብ ዓጊቱ ዘሎ መሰረታዊ ድዩ ዘይመሰረታዊ ፍልልያት ሓሳብ ብሓሳብ ንምግራሕ ዝቐለለ ዕርዲ ከይተሰብረ፡ ምስ ዘቤታዊ ጸላኢ ዝግበር ናይ ህይወት ዋጋ ዝሓተት ዝኸበደ ዕርዲ ሰቢረ ፖለቲካዊ ነጥበ መቐይሮ ከምጽእ'የ ማለት፡ ፖለቲካዊ ልቦና ዝጎደሎ እዩ።

ብመሰረቱ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣድማዒ ስራሕ ከይስራሕ ዕንቅፋት ኮይኑ ዘሎ፡ ብዝሒ ውድባትን ስነ-ሓሳባዊ ድልልያትን ዘይኮነ ተቓሊሱ ዘቃልስ መሪሕ ደሞክራስያዊ ውድብ ክውለድ ዘይምኽኣሉ ዝፈጠሮ ሃጓፍ'ዩ። እዚ ከኣ ካብ ፖለቲካዊ ድኽነት ዝምጩ እዩ። ኣብ ክንዲ ብቐዳምነት ንባዕላዊ ፖለቲካዊ ድኽመትካ ምልላይ፡ ምእማንን ምእራምን፡ መታን ብሓባር ክንሰርሕ ብዛዕባ ውድባትና፡ ስነ-ሓሳብና ኣይንዛረብ ማለት፡

ቀዳማይ፡ ናትካ'ምበር እቲ ካልእ እንታይ ይብል ኣሎ ክትቅበል ዘይምድላይ እዩ።

ካልኣይ፡ ባዕላዊ ፖለቲካ ውድቀት ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ኣፈታትሓኡን ብዕቱብ ከም ዘይተገምገመ የርኢ።

ሳልሳይ፡ እቲ ዝበሃል ዘሎ ምጥርናፍ ኣብ ጽኑዕ ባይታ ይስረት ከም ዘየለ የመልክት።

ራብዓይ፡ ከም'ዚ ዓይነት ናይ ንግበር ንግበር ምጥርናፍ ኣብ ተመክሮ ናይ ካልኦት ሃገራት ከይከድና፡ ካብ ውልደት ዘመናዊ ፖለቲካዊ ታሪኽ ኤርትራ ክሳብ ሎሚ ብብዙሓት ውድባት ተፈቲኑ፡ ኣብ ምቅላል ባዕላዊ ፖለቲካዊ ሽግራትና ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክገብር ኣይተራእየን።

ስለ'ዚ ነዚ ተደጋጊሙ ተፈቲኑ ዘይሰርሐ፡ ካብ መድረኽ መሪሕነታዊ ኣካላት ከይወረደ፡ ሓታትን ተሓታትን ዘይብሉ በኒኑ ብዝቐህም ኣካይዳ ዝደሓነ ስለ ዘየሎን።በቲ ኣብ ፖለቲካዊ ዓለም ተፈቲኑ ውጽኢታዊ ዝኾነ፡ ፖለቲካዊ ኣወዳድባ፡ ፕሮግራም፡ ስነ-ሓሳብ መሰረት፡ ብምሉእ ነጻነት ኣብ ህዝቢ እናተሰርሐ፡ ኣብ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ብምጥርናፍ ኣንጻር ናይ ሓባር ዘቤታዊ ጸላኢ ምቅላስ፡ እንተ ዝኸውን ብርግጽ መስመዐን መድመዐን። ንፖለቲካዊ ፍልልያት ዝጻወር ዓቕምን ዓቕልን ከይተወነነ፡ ንፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ፡ ንብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዕ ኣውዳድባ እናተጸየነ፡ ህግደፍ ክሳብ ዝውገድ ብፍሉይ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብ ኣይትዛረቡ፡ ብዝተሓተ ሓባራዊ መቕሚያታት ተገዚኡ ማለት ግን ብተግባር ዘስርሕ ሜላ ኣይኮነን።

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ(ደግሓኤ)**

25 ሓምለ 2024